# ኣበይ፡ ከመይ ክን ይህልዉ?

ሰ ደ ምዕ ምብ

## ሓምሳይ ክፋል ይቕጽል

“ኣነ ነቲ እትብሎ ዝነበረት እናሰማዕኩን እናስተንተንኩን፡ ንሳ ድማ ገለ ሕሹኽ ይብላ ከም ዘሎ፡ ነቲ ክሓታ ኢለ ዝሓሰቦ እናመ ለሽት፡ ወዮ መገዲ ኽይተፈልጠና ከም ማይ ስትይ ኣበልናዮ። ኣብ ሓደ ቦታ ኣላጊስና ድማ ኽነዕርፍን ክንበልዕን መደብና።”

ኣነ ግና እታ፡ “ድሕሪ ሞት፡ ኵሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኡ ደው ኪብል፡ ፍርዱ ድማ ኪቕበል እዩ” እትብል ከም ጸናጽል፡ ካልእ ሓሳበይ እኳ ምስማዕ ክሳዕ ዚስእን ነኣእ ምሮይ መሊኣቶ፡ ጸጸኒሐ ዝን እብል ነበርኩ።

ኣተሓሳሲቡኒ። “ቅንጣብ ሓጢኣት ዘይገበረ ሓደ እኳ ኪህሉ ብፍጹም ዘይከኣል እዩ። ከመይ ገይሩ? እሞ፡ ኣነ ጻድቕ እየ ኪብል ዚኽእል ሓደ እኳ የልቦን ማለት እዩ። ምስ ሓጢኣቱ መንግስተ ሰማያት ኪኣቱ ዚኽእል ከኣ የልቦን። መን ደኣ እዩ ኺኣቱ? ኢለ ንኣምሮይ ዳርጋ ጭንቀት ኣእተኹሉ።

በሊዕና ቅሩብ ድማ ምስ ኣእዕረፍና፡ ምድሪ ኽይመሰየ፡ ጕዕዞና ምእንቲ ኽንቅጽል፡ ብድድ ኢልና ተበገስና። ሒደት ምስ ከድና ድማ፡ ከም ቀደማ፡ ነቲ ኽጨንቐኒ ዝጸንሐ ሓሳባት ክተሰምዖ ወይ ኽትንብቦ ከም ዝጸንሐት፡ “ዕላል ጥዒሙኒ ብዙሕ ተዛሪበ እሞ፡ ብዘይ ምስትውዓል ምናልባሽ ገለ ዘተሓሳስብ ወይ ዘጨንቕ ነገር ደኣ ኢለ ኽይከውን ኢለ ሓሲበ፡” በለት።

ኣይበልክን እንተ በልኩዋ ናይ ቃል ዓለም ከይመስል፡ ደሓር ከኣ መን ይፈልጥ፡ ንእገረ መገዳ እቲ ኽተሓሳስበኒ ዝጸንሐ’ውን መልሲ ይርከቦ ይኸውን ኢለ፡ “እወ ግና፡ ናይ ጽቡቕ ምጭናቕ እዩ ይመስለኒ” ኢለ መለስኩላ።

ኵሉ ሰብ ሓጥእ፡ እንድሕሪ ኾይኑስ፡ መን ደኣ እዩ መንግስተ ሰማያት ኪኣቱ? ኢለ ኽሓስብ ጸኒሐ በልኩዋ። ንሳ ኸኣ፡ ሓቕኺ ኢኺ፡ ዘተሓሳስብ እኳ እዩ፡ በለት። ቀጺላ፡ “ስለዚ ሓጢኣት ዘይብሉ ሰብ ክህሉ ከም ዘይክእል ዘየማትእ ሓቂ ምዃኑ ተሰማሚዕና ኣሎና ማለት እዩ፡” ኢላ ከም ሕቶ ገይራ በለቶ። እቲ ብጥዑይ ኣእምሮኡ ዚሓስብ ሰብ፡ ትዕበ ትንኣስ፡ ሓጢኣት ዚብሃል ዘይብሉ ሰብ ኪህሉ ከም ዘይክእል ከመይ ኢሉ ኺስሕቶ ይኽእል? በልኩዋ።

ንሳ ድማ፡ ሓቂ። እቲ ጽሑፍ እውን ከምኡ እዩ ዚብል፡ “ኵሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽ ስኢኖም” (ሮሜ 3፡23) እሞ፡ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን። ምስ በለት ኣነ ኸኣ፡ ነዚ ንምፍላጥሲ ጽሑፍ ምርኣይ’ውን ኣየድልን፡ ምኽንያቱ ዘካትዕ የብሉን፡ ኢለ መለስኩላ።

እቲ ሕቶ እምበኣር፡ ክንድ ምንታይ ጽድቂ፡ ክንዲ ምንታይከ ሓጢኣት ኣሎካ እሞ፡ ነቲ ዝወሓደ በቲ ዝበዝሐ ዓብሊልናስ፡ ከንሕልፈካ ኣይኰነን። ኣምላኽ፡ ኣምላኽ እዩ። ጽድቂን ቅድስንኡን ድማ ካብ ኽንገልጾ እንኽእል ንላዕሊ እዩ። ግና ሓደ ነገር ንፈልጥ። ከምቲ ኣብቲ ብርሃን ዘለዎ ጸልማት፡ ኣብቲ ጸልማት ዘለዎ ድማ ብርሃን ኪህሉ ዘይክእል፡ ሓጢኣትን ኣምላኽን ድማ ከምኡ መጻርርቲ እዮም።

እንተ ዘይከውን ነይሩስ፡ ንኣዳምን ንሄዋን፡ በሉሰክ ድሓን፡ እዛ ሕጂ ፈጺምኩማ ዘለኹም በደል ንእሽትሊት እያ እሞ፡ ኣሕሊፈልኩም ኣለኹ። ድሕሪ ሕጂ ግና ከምኡ ኣይትድገሙ ምበሎም። ግና ኣይበሎምን። በታ ዕንጭቐሊት ሓጢኣት ዝገበሩላ ሁመት፡ ንሰም ኣብቲ ንሱ ዘለዎ፡ ንሱ ድማ ኣብቲ ንሰም ዘለዉዎ ኪኾኑ ኣይክእሉን እዮም። እዚ ዘጠራርጥር ኣይኰነን፡ ምኽናያቱ እንሆ ኣብዛ ምድሪ ንነብር ኣሎና።

እቲ ዝገደደ ግና፡ ካብዛ ዓለም ሓሊፉ ምስ ከደ፡ እቲ ሓጥእ ናይ ዘለኣለም ምፍላይ ካብ ኣምላኽ፡ ኣብ ሰቓይ ዘለዎ ቦታ እምበር ገጽ ኣምላኽ ኪርኢ ኣይክእልን እዩ። "... ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ" (ሮሜ 5፡22) ኪብል ከሎ ካብዛ ዓለም እዚኣ ምሕላፍ ማለት ኣይኰነን።

ግና እግዚኣብሄር፡ ኵሉ ሰብ ምስኡ ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ደኣ እምበር ጥፍኣት ክኸይድ ኣይኰነን እቲ ድልየቱ። ብቐደሙ እቲ መደቡ ሰብ ምስኡ ኣብ መንግስተ ሰማያት ኪኸውን እዩ ነይሩ። እሞ፡ እቲ ሓጢኣት ብምግባሩ ካብኡ ዝተፈልየ፡ ብኣምሳሉ ዝገበሮ ሰብ፡ ከመይ ናብኡ ከም ዚምለስ፡ መገዲ ገበረ። ንእግዚኣብሄር ዚስኣኖ ነገር የልቦን እሞ፡ እቲ ዝዓበየ ድማ እቲ ፍቕሩ እዩ። ምኽንያቱ እዚ መገዲ እዚ ከቢድ፡ መስዋእቲ ዚሓትት እዩ ነይሩ ግና "... ንሕና ሓጥኣን ከሎን፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ (ሮሜ 5፡8)።

ሕጂ እሞ፡ ወዮ ደኣ ንኸይድ ስለ ዝነበርና እምበር፡ ኰፍ ኢልና ኤርና እንተ ንኸውንሲ ምናልባሽ፡ ኣስተንኪሩኒ፡ ኣፊይ ከፊተ፡ ቀው ኢለ እናጠመትኩ እሰምዓ ከም ዝነበረኩ ምተገንዘበት። እዛ ሰብ እዚኣስ መን እያ? እታ ምሳይ ዝነበረትሲ ይትረፍ፡ እታ ምሳይ ነዚ መገዲ እዚ ዝተበገሰት ሰብሲ ኣበይ ከይዳ? እዚ ኹሉ እትብሎ ዘላስ ካብ መን፡ ካበይከ እዩ ዚወጽእ ዘሎ? ክብል፡ ገለ ካብ እቲ እትብሎ ዝነበረት ይሓልፈኒ ዝነበረ ኾይኑ ተሰሚዑኒ። ግና እቲ እትብሎ ዝነበረት ከኣ ዝተቘራረጸ ኰይኑ ኣይተሰምዓንን፡ ስለዚ ንምክትታላ ኣየሸገረንን ማለት እዩ ኢለ ሓሰብኩ። ኣብዚ ኹሉ ግና ቃል እኳ ትኹን ከየውጻእኩ፡ ተዓዚመ፡ ምስምዐይ ደኣ ቀጸልኩ።

"ንዕላል ክኾነና፡ ደሓር ከኣ ብዛዕባ እዚ ምዝራብ ባህ እዩ ዚብለኒ። ምናልባሽ ነዊሕ ስለ ዝገበርኩ ይኸውን።" ተታኺሱ ከም ዝጸንሐ፡ ቅልጥፍ ኢለ፡ "እንታይ ማለትኪ እዩ?" በልኩዋ። "እንድዒ፡ ክዛረብ ዓቕልኺ ኣጽቢበልኪ ኸይከውን ኢለ እየ" በለት። ግና እቲ ኸምኡ ምባላ፡ እቲ ኰፍ ኢልና ኸሎና ዝን ኢለ ኸም ዝነበርኩ ኣስተውዒላ፡ ምናልባሽ እሰምዕ ምህላወይ ኽተረጋግጽ ደልያ እያ ትኸውን ኢለ ሓሰብኩ።

እቲ ሳልሳይ ሕቶና፡ እምበኣር፡ ሓደ ሰብሲ ከመይ ገይሩ ካብ ናይ ዘለኣለም ጥፍኣት ድሒኑስ፡ ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪኸይድ ይኽእል? እቲ እንኮ ጻድቕ እግዚኣብሄር ባዕሉ ከም ምኺኑ መጠን፡ እቲ ድሕነት ካብኡ እምበር ካብ ካልእ ኺመጽእ ወይ ከኣ ብኻልእ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ከም ኣምላኽ መጠን ክመውት ስለ ዘይክእል ከኣ፡ ኣብ ክንዲ ሓጢኣት ሰባት ሞይቱ ነቲ ሓጢኣት ዕዳ ኪኸፍል እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ናይ ግድን መልክዕ ሰብ ለቢሱ፡ ሰብ ኰይኑ ኺመጽእ ናይ ግዲ ኾነ።

ስለዚ ስጋ ንኽለብስ ካብ ማርያም ድንግል ብመንፈስ ተወልደ። እቲ የሱስ ክርስቶስ እንብሎ እምበኣር እዚ እዩ።

ከምኡ ገይራ ምስ ገለጸቶ፡ ነቲ ከም መድሓኒ ዓለም ገይረ ዝፈልጦ፡ ከይተፈለጠኒ ድማ ከም ካልኣዊ ደረጃ እምበር ኣምላኻውነቱን መለኮታውነቱን ዘየስተብሃልኩሉ፡ ብዛዕብኡ ሓድሽ ጮራ ክርኢ ጀመርኩ። የሱስ ክርስ ቶስ ኣምላኽ እዩ? ኢለ ድማ ሓተትኩዋ። ግና ሕግ'ውን እንተ ሓሰብክሉስ፡ ነቲ ብሓቂ ኺፈልጥን ኺርዳእን ኢሉ ብኽፉት ኣእምሮ ዜስተብህለሉስ ምርድኡ ኣይከብዶን።

ቀጺላ፡ ከመይ ገይራ ከም እትዝክሮ፡ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ጠቒሳ፡

"ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ። ... እቲ ቃል ስጋ ኰነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቡኡ ርኤና።" (ዮሃ 1፡1ን 14ን)።

እዚ ዝጠቐሰቶ ቀልጢፉ ኣይተረድኣንን ግና፡ ነቲ ሕቶይ ኽትጽበዮ ከም ዝጸንሐት ድማ፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ብፍቓድ ሰብ ዘይተ ወልደ፡ ፍጹም ኣምላኽ፡ ካብ ማርያም ድንግል ዝተወልደ ድማ ፍጹም ሰብ እዩ፡ በለትኒ።

ካብቲ ሓደ ኣዝዩ ኽገርመኒ ዝጀመረ፡ ድማ፡ እቲ እትብሎ ዝነበረት ክርድኣኒ ምጅማሩ እዩ። እቲ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ እትብሎ ዘላ፡ ከም ሰብ ተወሊዱ፡ ከም ሰብ ድማ ሞይቱ። ግና ሞይቱ ኣይተረፈን፡ ኣብ ሳልስቱ ካብ መቓብር ተንሲኡ። እዚ፡ እቲ ቐንዲ ትርግሙ እኳ ብዕምቈት ኣይረድኣኒ እምበር፡ ሓቅነቱስ ኣጠራጢሩኒ ኣይፈልጥን። ሕጂ ግና ብፍልይ ዝበለ መገዲ ክርእዮ ጀመርኩ።

የሱስ ክርስቶስ፡ ሞይቱ፡ ሓጢኣት ዘይገበረ ንጹህ ብምንባሩ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ኪቕመጥ ዝኸልከሎ የብሉን። በዚ ኸኣ እቲ ንሰብ ተዋሒሱ ኼድሕኖ ዚኽእል እንኮ ንሱ ጥራይ እዩ፡ በለት። ኣነ ኸኣ፡ ከመይ ማለትኪ እዩ በልኩዋ። ኺውሓሶ ክብል ከሎኹ፡ ንሳኻ ሕለፍ ንስኻ ድማ ትረፍ ብምባል ኣይኰነን።

ሓደ ሰብ ምስ ሞተ፡ ፍርዱ ኪቕበል ኣብ ቅድሚ ሰራሒኡ ደው ኪብል እዩ። እዚ መን ምኻንካ ብዘየገድስ፡ ዘይተርፍ እዩ። ሓጢኣት የብለይን ኪብል ዚኽእል ሰብ ስለ ዘየሎ፡ መማጕቲ ነጥቢ'ውን የብሉን። ስለዚ ድማ ወይ ብሓጢኣቱ ኪኹነን፡ ወይ ከኣ ዕዳ ሓጢኣቱ ከም ዝተኸፍለ ኼርኢ ኪኽእል ኣለዎ። እንተ ደኣ ኺኢሉ፡ "እወ፡ ሓጥእ እየ ግና እቲ ዕዳ ኵሉ የሱስ ብሞቱ ኸፊሉዎ፡ ነጻ እየ ኪብል ይኽእል።"

የሱስ ክርስቶስ ብናይ ገዛእ ርእሱ ሓጢእት ከይመውት ሓጢኣት ኣይገበረን፡ ስለዚ ኣብ ክንዲ ሓጢኣተኛታት ሓንሳእ ንኹሉ ሞተ። እዚ እቲ ዝበልናዮ መገዲ ስለ ዝኾነ፡ ኣምላኽ ዝሰመረሉ እዩ። ስለዚ፡ ኣነ ንምሳሌ፡ ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዳይ ከም ዝሞተ፡ ንሓጢኣተይ መስዋእቲ ከም ዝሓለፈ ገይረ እንተ ደኣ ተቐቢለዮ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፡ ንሱ'ውን ነቲ ዝበልኩዎ፡ እወ፡ ኣብ ክንዲ ሓጢኣታ ከም ዝሞትኩ ኣሚና እያ ኢሉ ተዋሒሱ ምስኡ ይወስደኒ ኢላ፡ ዳርጋ ሕንቕንቕ ክትብል ዝጀመረት መሲሉኒ።

እሞ እዚ ደኣ ገና ኽይሞትኩ ከሎኹ መንግስተ ሰማያት ከም ዚኣቱ ኽፈልጥ ከም ዚኽእል እንድኺ ትነግርኒ ዘሎኺ፡ በልኩዋ። ንሳ ኸኣ፡ በዚ እኳ እዩ እግዚኣብሄር ኣብዚ ኸሎና ዕድል ዚህበና ዘሎ። ኣብኡ ክሳዕ እንኸይድ እንድሕሪ ዘይንፈልጥ ኴንና ድኣ እሞ፡ በል ካልኣይ ዕድል ሂበካ ኣሎኹ እሞ፡ ኪድ ተመለስ ተባሂሉ ዝተመልሰ ሰብ ኣሎ ድዩ? በለት።

ንርእሱ እኳ ሰብ ኰይኑ ኣብ ክንዳና ዝሞተስ፡ ከመይ ገይሩ ኣብኡ ኬድና ኽሳዕ እንፈልጥ ኪጽበየና። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዕድለይ እርኢ ኢልካ እትኸዶ ወይ እትገብሮ ነገር የልቦን። ኣብዚ ኽሎና፡ ኽንኣምንን ክንቅበሎን እዩ ዕድል ተዋሂቡና ዘሎ።

ስለዚ ሕጂ ኣነስ፡ ገና ኽይሞትኩ ኣብዚ ከለኹ መንግስተ ሰማያት ከም ዚኣቱ ኬረጋግጽ እኽእል እየ ማለት ድዩ? ብውልኩዋ። ንሳ ኽኣ፡ እዚ ኽንዕልሎ ዘወዓልና ዅኡ ተረዲኡኪ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ትኣምንዮ ድማ እንተ ደኣ ኾንኪ፡ ነዛ ሕቶ እዚኣ ምምላሻ ከቢድ ኰይኑ ኣይተረኽብዮን ኢኺ፡ በለትኒ። ኣነ ድማ፡ ሓቅ'ኺ ኢለ ምስኣ ተሰማማዕኩ። እንታይ ኽገብር እዩ እሞ ዘድልየኒ ኢለ ድማ ሓተትኩዋ። ንሃዋርያት፡ ልክዕ ከምዛ ናትኪ ሕቶ ዝሓተቶም ሰብ ኣሎ።

"... ምእንቲ ኺድሕንሲ፡ እንታይ ኽገብር ይግብኣኒ? በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ብጐይታና የሱስ እመን እሞ ንስኻን ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም በልዎ"(ግብ 16፡ 30-31)።

ሓጢኣተኛ ምኻንኪ፡ ተኣሚንኪ ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዳኺ ሞይቱ ሓጢኣት ዕዳኺ ከም ዝኸፈለ፡ ነቲ መስዋእቲ ሞቱ ናትኪ ኣብ ክንዳኺ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ምኻኑ ብእምነት ኽትቅበልዮ ኣሎኪ።

ነቲ ብዚፈጸሞ ኣበሳ ኣብ ፍርዲ ዝቐረበ ሰብ፡ እቲ ተዋሒሱ ኬውጽኦ ዚኽእል፡ ቅድም ጽቡቕ ገይሩ ዚፈልጦ፡ ደሓር ከኣ ናቱ ኣበሳ ዘይብሉ ጥራይ ክኸውን ዚኽእል። ምኽንያቱ ናይ ርእሱ ኣበሳ እንተ ደኣ ኣልይዎ፡ እሱ'ውን በቲ ኣበስኡ ኺፍረድ እዩ እሞ፡ ንርእሱ ዚወሓሶ ኬድልዩ እዩ። ስለዚ ንርእሱ ዋሕስ ዜድልዮ ንኻልእ ኪውሓስ ኣይክእልን እዩ። እቲ ዚውሓስ እውን እምበኣር እቲ ፈራዲ ዚተቐበሎ ኪኸውን ናይ ግዲ እዩ። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ፡ ስለ ዅሉ ሓንሳእ ንዅሉ እዋን ኣብ መስቀል ንመስዋእቲ ሓጢኣት ደቂ ሰባት ሞይቱ። እቶም ነቲ መስዋእቱ፡ ማለት ሓጢኣተኛታት ኰይኖም ኣብ ክንድኦም ድማ ከም ዝሞተ ኣሚኖም ከም መድሓኒኦም ዝተቐበልዎ ድማ፡ ዕድኦም ብእኡ ተኸፊሉ እዩ።

ስልጣን ኣብ ምድርን ሰማይን ተዋሂብዎ እዩ እሞ፡ እቲ ዝፈርድ'ውን ንሱ ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቦ፡ በቲ ኣብ መስቀል ዝኸፈልኩዎ መስዋእቲ፡ ኣብ ክንድኣ'ውን ከም ዝኾነ፡ ሓጢኣታ ተኣሚና፡ ብንስሓ ቀሪባ ድማ ከም መድሓኒኣ ተቐቢላትኒ። ደጊም እቲ ዕድኣ ብሞተይ ተኸፊሉ እዩ እሞ፡ እንሆ ንዘለኣለም ምሳይ ክትነብር ቃለይ እዩ ኢሉ ይወሓሰኒ ማለት እዩ፡ ኢላ ብዘይ ሰጋእታ ገሊጻቶ።

ግደ ሓቂ ኽዛረብ፡ ግና፡ ጋን ኰይኑኒ። ግና ናይ እቲ እትብሎ ዝነበረት ምስጢር ኰይኑ ምርዳእ ስለ ዝኣበየኒ ኣይኰነን።

ምስጢር ናተይ ከካፍለክስ ብዛዕባ፡ ዕዳ ሓጢኣት ከምኡ'ውን ድሕነት ዚብሃል እንታይ ምዃኑ ኣይርድኣንን እዩ ነይሩ። ሞይተ ገሃነብ ኽይከይድ ድማ ኣዝየ እየ ዝፈርህ ነይረ። ግና እታ ብርሃን ክርእያ ምስ ጀመርኩ፡ እታ ቐልጢፋ ኣብ ኣእምሮይ ዝመጸትሲ ኣቦይ ኹዕሶ ክርኢ ምስኡ ኺወስደኒ ኽሎ እዩ። ባዕሉ ከፊሉ እንተ ዘየእትወኒ፡ ኽኣቱ ኣምበይ ምኸኣልኩን ነይረ።

እግዚኣብሄር ደጊፉኒ ድማ እቲ እትብሎ ዝነበረት ክስቈረኒ ጀመረ። እዝስ ከመይ ገይሩ ቀደም ዘይተረድኣኒ ክብል ድማ ጀመረኩ። ሓደ ሰብ ጻድቕ ንኺብሃል፡ ትርእ ወይ ዘይትርእ፡ ብፍጹም ሓጢኣት እትብሃል ነገር ዘይብሉ ክኸውን ኣለዎ።

ኣብ ገጽ 10 ኣብ ካልኣይ ዓምዲ ቀጺሉ ኣሎ።